# ዘለዉ ዘባውያን ስጒምቲታት ኣብ ብዙሓት ንኡሳን ዘባታት ከም ዘለውዎ ይቕጽሉ

ኣብ ገለ ገለ ንኡሳን ዘባታት ቪከን ለብዒ ገኒኑ ኢዩ ዘሎ፣ ደረጃ ምግናኑ ከኣ ካብ ንኡስ ዘባ ንንኡስ ዘባ ዝፈላለ ኮይኑ ዓቢን ርእዩን'ዩ። ብመሰረት ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና፣ ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ኣማሓዳሪ ዘባን ዝቐረበ ምኽሪታት መንግስቲ ነቲ ዘሎ ዘባዊ ስጒምታዊ ደረጃ B/ለ ኣብ ትሽዓተ ንኡሳን ዘባታት-ቪከን ንከቐጽሎ ወሲኑ ኣሎ። ካብ ፍርቂ ለይቲ፣ ካብ ንሰኑይ ዘውግሕ ማለት ካብ ግምቦት 10 ንንኤው እቶም ዝጸንሑ ዘባውያን ስጒምቲታት ኣብ ዓሰርተ ንኡስ-ዘባታት ክዛዝሙ ኢዮም።

–ደረጃ ግነና ለብዒ ኣብ ዘባ ቪከን ኣመና ፍልልይ ኣሎዎ፣ ኣብ ብዙሓት ንኡሳን ዘባታት እውን ዘጊት ደረጃ ለብዒ ግኑን ኢዩ ዘሎ። ኣብ ዓሰርተ ንኡሳን ዘባታት ካብ ሰኑይ ንንኤው ዝጸንሑ ዘባውያን ስጒምቲታት ክዛዝሙ እንከለው ኣብ ካልኦት ትሽዓተ ዘባታት ንክልተ ቅነታት ብትርር ዝበሉ ስጒምቲታት ክቕጽሉ ክግደዱ ኢዮም ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ/Bent Høie።

እዘን ዝስዕባ ንኡሳን ዘባታት ኣብ ስጒምታዊ ደረጃ ለ ክሳብ ዕለት 21 ግምቦት ክቕጽላ ኢየን፣ Bærum/ባሩም፣ Drammen/ድራምመን፣ Lier/ሊየር፣ Lillestrøm/ሊለስትረም፣ Lørenskog/ለረንስኩግ፣ Nordre Follo/ኑርድረ ፎሎ፣ Rælingen/ራኣሊንገን፣ Ullensaker/ኡልለንሳከርን Ås/ኦስን።

እዘን ዝስዕባ ንኡሳን ዘባታት ከኣ እቲ ካብ ዕለት 6 ግምቦት ምስ ኦስሎ ብምውህሃድ ዘተኣታተወኦ ከባብያዊ ስጒምቲታት ንክቕጽልኦ ምሕጽንታና ኣቕሪብና ኣለና፣ Lillestrøm/ሊለስትረም፣ Lørenskog/ለረንስኩግን Rælingen/ራኣሊንገንን።

ንንኡሳን ዘባታት ከምኒ ብዓል Bærum/ባሩም፣ Drammen/ድራምመን፣ Lier/ሊየር፣ Nordre Follo/ኑርድረ ፎሎ፣ Ullensaker/ኡልለንሳከርን Ås/ኦስን ተወሳኺ ከባብያዊ ስጒምቲታት የድለየን ከይከውን ንክግምግሞኦ ንምሕጸነን።

በዓል Asker/ኣስከር፣ Enebakk/ኤነባክ፣ Fredrikstad/ፍርደሪክስታ፣ Frogn/ፍሮግን፣ Halden/ሃልደን፣ Indre Østfold/ኢንድረ ኦስትፎልድ፣ Moss/ሞስ፣ Råde/ሮደ፣ Sarpsborg/ሳርፕስቦርግን፣ Vestby/ቬስትብይን ከኣ ካብ ፍርቂ ለይቲ፣ ናብ ሰኑይ ዘውግሕ ዕለት 10 ግምቦት ኣትሒዙ ካብቲ ዘባዊ ስጒምቲታት ተቐይደንኦ ዝጸንሓ ይወጻ።

እዚ ማለት ከኣ እዘን ንኡሳን ዞባታት እዚኣተን ካብቲ ዕለት እቲ ኣትሒዘን በቲ ዘሎ ሃገራዊ ቅጥዕታት ይቕየዳ ማለት ኢዩ። ይኹን ድኣ እምበር ከባብያዊ ስጉምቲታት ወይ ገለ ምስትኽኻላት ወይ እውን ነቲ ድሮ ተኣታትዩ ዘሎ ከባብያዊ ስጉምቲታት ምጽንካር የድልየን ከይከውን ክሓስባሉ ንምሕጸነን።

ንኡስ ዞባ ኣስከር ካብ ሰኑይ ዕለት 10 ግምቦት ንንኔው ጽንክር ዝበሉ ከባብያውያን ስጉምቲታት ከተኣታቱ ከም ምዃና ሚንስትሪ ብወገኑ ፈሊጡ ኣሎ።
ብዛዕባ እዚ ጉዳይ'ዚ ዝምልከት እውን ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና፡ ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ኣማሓደርቲ ዞባታት ኦስሎን ቪከንን ዝምልከተን ጐዶቦታት ዞባታትን ንኡሳን ዞባታትንን ጥቡቕ ልዝብ ከካይዳሉ ጸኒሐን ኢየን።

## እዘን ዝስዓባ ንኡሳን ዞባታት ክሳብ ግምቦት 21 ኣብ ደረጃ ስጉምቲታት B/ለ (ልዑል ደረጃ ስጉምቲታት) ንክቕጽላ መንግስቲ ውሳኔኡ ኣሕሊፉ ኣሎ፡

- Bærum/ባሩም
- Drammen/ድራምመን
- Lier/ሊየር
- Lillestrøm/ሊለስትረም
- Lørenskog/ለረንስኩግ
- Nordre Follo/ኑርድረ ፎሎ
- Rælingen/ራኣሊንገን
- Ullensaker/ኡልለንሳከር
- Ås/ኦስ

## እዘን ዝስዕባ ንኡሳን ዞባታት ካብ ዕለት 10 ግምቦት ኣትሒዙ እቲ ክቕይደን ዝጸንሐ ዞባዊ ስጉምቲታት ኣይምልከተንን ኢዩ:

- Asker/ኣስከር
- Enebakk/ኤነባክ
- Fredrikstad/ፍረድሪክስታ

- Frogn/ፍሮግን
- Halden/ሃልድን
- Indre Østfold/ኢንድረ ኦስትፎልድ
- Moss/ሞስ
- Råde/ሮደ
- Sarpsborg/ሳርፕስቦርግ
- Vestby/ቬስትብይ

ኩነታት ዘባ ቪከን ከም ብሓድሽ ንክግምገም ካብ 18 ክሳብ 20 ግምቦት ዘሎ ዕለታት ኣብ መንጐ ኣማሓደርቲ ዘባታትን ንኡሳን ዘባታትን ሓደሽ ርክብ ይውጠን ኣሎ።

# ተወሳኺ ሓበሬታታት ብዛዕባ ዘባዊ ስጉምቲታት

ኣብ ንኡሳን ዘባታታትን ከባቢኤንን ለብዒ ንከየስፍሕፋሕ ወሰንቲ ዝኾኑ ቍልጡፋትን ዝተወሃሃዱን ስጉምቲታት ንምትእትታው ኣብ ግብሪ ንክውዕሉ ዘለዎም ዓይነታት ስጉምቲታት መንግስቲ ክውስንኖም ይኽእል ኢዩ።

ነተን ንኡሳን ዘባታት ዝምልከቱ ደረጃታት ስጉምቲታት ንምምራጽ ኩነታት ኣጋንና ዝኽሰት ደረጃ ባርዕ ለብዒ ኢዩ ዝውስኖ። ኣብ ግብሪ ክውዕሉ ዝኽእሉ ሰለስተ ዓይነታት ደረጃታት ስጉምቲታት ኢዮም ዘለው። ንሰም ከኣ tiltaksnivå A/ደረጃ ስጉምቲታት ሀ (særlig høyt tiltaksnivå/ፍሉይ ልዑል ደረጃ ስጉምቲታት), tiltaksnivå B/ደረጃ ስጉምቲታት ለ (høyt tiltaksnivå/ልዑል ደረጃ ስጉምቲታት)ን tiltaksnivå C//ደረጃ ስጉምቲታት ሐ (noe høyt tiltaksnivå/ብኽፊል ልዑል ደረጃ ስጉምቲታትን) ይኾኑ ኣለው።

ትሕዝቶ ዝርዝር ናይቶም ዝተፈላለዩ ደረጃታት ዝምልከቱ ስጉምቲታት ኣብዚ ይርከቡ